ደቂ ሐላፍነት ዘይስምዖም ሂ.ግ.ፍ.ዐ.ሪ.ሕጂ ዶ ይሐይሽ
ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
ብበርህ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ብሰብ ሕልና ክወግሕ ዩ ለይቲ
ድሕሪ ነዊሕ ላዕሊ ታሕቲ
ሐተላ ተጸሚቑ ብመኹባዕቲ
ሕፍረት ተጎልቢቦም ህግደፍ ሐሰውቲ..

ከም ወትሩ ንህግደፍ እግሪ እግሮም
ብደቂ ኤረይ ዓወት ዘልማዶም
ማንኪ ዝመራሒኦም
ደቂ ሐላፍነት ዘይስምዖም
ኣብ ሆላንድ ተበቲኑ ሕልሞም..

ደቂ ጃንዳ ህግደፍ ሂ.ግ.ፍ.ዐ.ሪ.ሕጂ ዶ ይሐይሽ
ከም ሃመማ ሐጋይ ኣብ ሆላንድ ተባሂልኩም ሽሽ
ደለይቲ ፍትሒ ኣቢሎምኹም ሕምሽሽ ኩርምሺ..



ስርሒት ደለይቲ ፍትሒ ብደቂ ሔማ
ኣሰር ኢስራኤል ስዊስ ንውዮርክ ደጊማ
ሆላንድ ከም ጊሰን ናይ ጀርመን ከተማ
ህግደፉዊያን ተጨልጊሞም ደቂ ማማ..

ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራዊያን
ኣብ ሽወደን ኖርወይ ጀርመን
ዓወት ሾሎኛ ዓዲ ጥልያን
ሕድሪ ዘይጠለምና ሃገራዊያን
እግሪ እግርም ንህግደፋዊያን..

ሃገር ብሃብታማ ክልምና ኣደታት




ዓዲ ጸቡቕ ኣላ ዝብሉ ጃንዳ ዑሱባት
ኣብ ዓዲ ሕጊ ተሳዒሮም ዕሙታት..

ሎሚ ኣብ ሆላንድ ጽባሕ ኣብ ኣስመራ
ሕኑቕ እንታይ የውጽእ ዓፍራ
ብደለይቲ ፍትሒ ደቂ ኤርትራ
ምስ ደቆም ህግደፋውያን ጭፍራ
ማንኪ ዝካድሮም ዕንዝራ
ኣብ ሆላንድ ደጀኖም ተሰራ..

ኣለና ኣሐት ተኸደንቲ ቀምጣ ስረ ካኪ
ብጅግንነት ዝማርኹ ንታንኪ
ተቀበልቲ ሕድሪ ኣይነፍቅድን ህዝብና ክበኪ
ጭርሖና ወትሩ እወ ንሓርነት  እንቢ ንምልኪ..

ከም መንደላይ ተመን ዝፋጸ
ብቓጻ ዝነብር እንዳ ቆረጸ
ኣብ ሆላንድ  ሕቑኡ ተቖጸ..

ሳቦያ ኢልና ክንድይቦ ንፎርቶ
ንሓሶታት ህግደፍ ብስነት ክንምክቶ
ምትህልላኽ ገዲፍና ናብ ስራሕ ንእቶ
ናይ ሓርነት ሕቶ
ንኹሉ ኤርትራዊ እዩ ዝምልከቶ..

ብደም ጀጋኑ ደቀይ ኣሐተይ ከይሕበን ከፈሉኒ


ንህዝባ ትኸውን ሃብታም ሃገር ከላትኒ
ኣብ ገዛእ ዓደይ ካልኣይ ዜጋ ኮይነ ለማኒ
መሰል ሲኢነ ከይዛረበ ቃሕ ዝበለኒ
ራጋ ንላምባ ራጋ ንባኒ ሓርነት ሓርቢቱኒ
ህዝቢ ይብል ኣሎ ካብ ህግደፍ ኣጋላግሉኒ..

ካብ ራጋ ንላምባ ራጋ ባኒ ክንጋላገል
ብደገን ብውሽጢን ጥራይ ንቃባበል
ቁሩባት ኣለና ክንኣልዮ ንስርዓት ገበል..

ካብ ሓርንጽንጽ ወጺና ናብ ስራሕ ሰጊርና
ብደለይቲ ፍትሒ ኣብ ሃገር ሆላንድ ተሐብና
ኣብ ልዕሊ ጃንዳ ህግደፍ ዓወት ኣመዝጊብና

*ኣጆና ንለውጢ ኤርትራዊያን ኣለናዮ ብዕልና..*

*ንቐጽሎ ብስኒት እቲ ስራሕ*
*ንጃንዳ ህግደፍ ኣቢልና ፋሕ*
*ብሕጊ ብቅዋም ክንምራሕ ጽባሕ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ*
*ክብርን ምጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሽዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*